# ቀላሲ ዘይብሉ ደንበ ተቓውሞ

ደንበ ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራ ቀላሲ ዝሰኣነ ጉዕዞ ጭርጭር ዓበደ ኮይኑ ምህላዉ፣ ይትረፍ ንናይ ግዳም ተጻባእቱ ንናይ ውሽጡ ብድሆታት'ውን ገጢሙ መስመራቱ ኣመዓራርዩ ክሳግም ኣይከኣለን። ኣብ'ዚ ህዝቢ ኤርትራ ጥራይ ዘይኮነ፣ ዓለም'ውን ምስ ስርዓት ህግደፍ ተፋጢጥሉ ዘሎ እዋን፣ እተን ልዕሊ ተግባራተን ስም ተሓንጊጠን ዘለዋ ተቓወምቲ፣ ንህዝቢ ኣብ ጎድነን ከሰልፋን ዝዕቀን ውጽኢት ዘለዎ ስራሕ ከካይዳን ኣይተራእያን።

እቲ ንሃገርና ገጢምዋ ዘሎ ዝዓበየ ሽግር ስርዓት ኢሳያስ ኮይኑ እናሃለወን እቲ ካብ ዝኾነ ንኤርትራ ይሓሊ'የ ዝብል ውድብ ዝድለ ዝዓበየ ኣበርክቶ ደማ ምግጣምን ምብዳህን ነዚ ስርዓት ኮይኑ እናሃለወ፣ ተቓወምቲ ውድባት  ኣብ ክንዲ ንዅሉ ካልኣዊ ግርጭታት (ኣርእስትታት) ንጎድኒ ኣወንዚፈን ነዚ ዓቢ ብድሆ ምግጣም፣ ኣብ ምፍንጫል፣ ነንሕድሕድካ ምክሳስን፣ ውሽጣዊ ምብልላዕን ተሸሚመን ይርከባ። ጠንቂ ናይ'ዚ ተርእዮታት እዚ ልዑል ተወፋይነት ዘለዎ፣ ንኽህብን ክቕበልን ድልው ዝኾነ፣ ንስለ ረብሓታት ህዝብን ሃገርን ንጸበብቲ ውልቃዊ ወይ ውድባዊ ረብሓታት ሕድገታት ዝገብር ስሙር፣ ሓያልን፣ ራኢይ ዘለዎን መሪሕነት ዘይምህላዉ ኢዩ።

ይትረፍ ኣብ ልዑል ጥንቃቐን ተበላሕነትን ዝሓትት ፖለቲካዊ ውድባዊ መሪሕነት፣ ኣብ ዝኾነ ንኡስ ጉጅለኣዊ ምትእኽኻብ ይኹን ግዝያዊ ፕሮጀክት'ውን ተራ መሪሕነት ወሳኒ'ዩ። ኣብ ፖለቲካዊ መሪሕነት ህዝቢ ዝኣምነሉን ዝስዕቦን ውድብ ሒዝካ ንኽትጉዓዝን ኣብ ዓወት ንኽትበጽሕን፣ ብንጹርን ግሉጽን መንገዲ ዝመርሕን፣ ኣማዕድዩ ዝርኢን መሪሕነት ወሳኒ እዩ። እዚ ስለ ዘየማልኣ ግን፣ ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራ ካብ ህዝቢ እናተለጸላን ኣብ ክንዲ ንቕድሚት ንድሕሪት ከሳጉማን ይርኣያ። ብስርዓት ህግደፍ ዝከላበት ዘሎ ህዝቢ ኤርትራ፣ እንተናገፋኒ ኢሉ ቁሊሕ ዝብለን ውድባት ኤርትራ ብኣከያይድኣንን ውሽጣዊ ትሕዝትኦንን ስለዘይተመሰጠ ክስዕበን ኣይከኣለን፣። እዚ ድማ ንስርዓት ህግደፍ ዓቢ ዓወት፣ ነተን ንለውጢ ንቃለስ ኣለና ዝብላ ተቓወምቲ ውድባት ድማ ፍሽለት እዩ

ከምቲ ብኸቢድ ድኻምን ጻዕርን ተሓሪሱ ናብ ፍረ ዝበጽሐ እኽሊ እብ ግዜ መኼዳ ንፉዕን ክኢላን ቀላሲ ብዕራይ ዘድልዮ፣ ብሓልዮት ህዝብን

እምነት ኣባላትን ኣብ ምቕላስ ዝተመዘዘ መሪሕነት፣ ተርኡ ከምቲ ዝድለ ክጻወት እንተዘይክኢሉ ውጽኢቱ ከምቲ ሰኣን ንፉዕ ቀላሲ ብዕራይ ዛሕዛሕ ዝብልን ፍረኡ ዝጎድልን ከምዝኸውን ካብ'ዚ ህልው ክውንነት ውድባት ኤርትራ ንርእዮ ዘለና ሓቂ እዩ።

መስሪቱ  ኣብ ኣንፈቱ ኣዘየብሉ ምትራፉ ካብቲ ንድሕሪት ዝጎቶቶ ቀንዲ ሮቛሒ ምዃኑ ዘጠያይቕ ኣይኮነን። ተቃውሞ ደንበ ንስርዓት ኢሰያስ ከውድቕ ሕልሚ እንተሃሊይዎ ብዘይ መሪሕ ውድብ ወይ ኣካል ከውድቖስ ይትረፈ ጸጉሪ ዓይኑ ውን ከንፍረሉ ዝክእል ኣይመስለንን።

ተቓውሞ ውድባትና ግን ኣይመርሑ ኣይምርሑ ዘልኣለም ኣብ ምፍንጫልን ወድባት ምርባሕን ኣብ ሕድሕድ ምክሳስን ምውንጃላትን ምቅንጻላትን ይርከባ። ሕሉፍ ሓሊፉ ሓደ ቀቢላኡ ሒዙ ክፍንጨል ትርእዮ። እቲ ሓደ “ውን ሃይማኖት ሸሪዓ እንተ ዘየንገስኩ ምሳኹም የለኹን ክብል ይስሞዕ።  ገለ ውልቓ ሰባት እውን ኣነ ዝመርሖ እንተዘይኮይኑ ብድሕረይ ሳዕሪ ኣይትብቆላ ዘስምዕ ስራሓት ከካይዱ ትሪኦም። ነዚ ዝርኢን ዝሰምዕን ዘሎ ሕዝቢ ኤርትራ ተስፋ ቆሪጹ እናተራገመ ይነብር ኣሎ። ብዙሓት ካብ መንእሰያትና ከኣ ንስደት ናብ ዘይፈልጥዎ ምድረ በዳ ሊብያን ገለ ክኣ ኣብ ባህሪ ሰሚጦም ቀለብ ዓሳ ይኾኑ ኣለው። እታ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን 160 ኤርትራዊያን ሒዛ ሰጢማ እትብሃል መርከብ ኣብነት ትኩነና።

እንብኣር     ምቅላስ ብሓደ ንፉዕ ሓረስታይ ክምስሎ ፍቶዱለይ። ሓደ ሓረስታይ ግራቱ ይድኵዕ የብስል ኣብ ዘርኢ ከኣ ይብጽሕ። ዝያዳ ምህርቲ ንክረክብ ንዝቦቕለ ግራቱ ይጻሂ፣ ይጉልጉል። ድሒሩ ከኣ ይዓጽድ ይኹምር። ኣብ መጨረሻ ኸኣ ምህርቱ ክሓፍስ ዓውዲ ለሚጹ ንፉዓት ምሩጻትን ኣብዑር የዳሉ። እዚ ኣኻሊ ስለ ዘይኮነ ብርቱዕ ቀላሲ ይመርጽ። ማለት እቶም ኣብዑር ካብ ዓውዲ ከይወጹ ፍሕ ከይብሉ። እኽሊ ካብ ዓውዲ ከይወጽእ ከይድፋእ ከኣ ጽብቕ ጌሩ ይቅልሶ። ምህሪቲ ይሕፈስ።

ቀላሲ ዘየብሉ ዓውዲ እክሊ ናብ ሓመዱ ቀላሲ ዘይብሉ ውድባት ከኣ ኩሉ ግዜ ምፍንጫሉ።

ብተወሳኺ ሓደ መዓልቲ ሓደ ለባም ኣቦ በቶም ኣብቲ ከባቢ ዝነበሩ መራሕቲ ብዙሕ ስለ ዝሓረቑ ካብ ብርቱዕ ጓሂ ብድድ ኢሎም በሉ እዞም ደቀይ ክምርቓኩም በልዎም። በል እስከ መርቕ በሎ ሓደ ህውቱት። ኩሉኩም ኣራሑ ኩኑ በልዎም። መራሕቲ ኣሜን በሉ።  ሓደ መስተውዓሊ መራሒ ኩልና ኣራሑ እንተኮና ድኣ መን ኣዛዚ መን ተኣዛዚ ክኸውን በሎም።

መራሕን ተመራሕን ቀላስን ተቀላስን ክህልዎኩም ምዓስ ደልየ። ኣነ ክመርሕ ኣነ ክመርሕ ተብሃሃልኩም ነንሕድሕድኩም ክትፋለሱ እንድየ ደልየ በልዎም።

ተቃውሞ ውድባት እውን ነቶም ቀለስቶም ዝኾኑ ውድባት (ተሓኤ ሰባ) ከጉድሙ ክኸሱ ከጽልሙ ኣብ ውሽጢ ኣትዮም ክጎጅልዎም ተራእዩ። ናይ ደገ ሓይልታት ከምኒ ወያኔ እውን ተቃውሞ ውድባት ብዘይ ቀላሲ ክተርፉ ዝገበርዎ ጻዕሪ ሰሚርሎም እዩ። ምፍራስ ሰውራዊ ባይቶ ንተቃውሞ ውድባት ንድርሪት ከም ዝሳግማ ጌርወን እዩ።

እቲ ኮይኑ እቲ ሕጅ 'ውን ድንክል በለ እንበር ኣይፈሰሰን ከም ዝብሃል መሪሕቲ ተቃውሞ ውድባት ህዝቦም ናይ ምድሓን መደብ እንተድኣ ሃሊዎም። ናይ ምቅላስን ናይ ምምራሕ ግደ ወይ ዕድል ንሰውራዊት ባይቶ ወይ ንሰልፊ ደሞክራሲ እንተዝውሃብ ካብ ጭርጭር ዓበደ ምውጻእና ኔርና በሃላይ እየ።

ብዘይ መሪሕ ውድብ ሓርነታዊ ቃልሲ ክዕወት ኣይክእልን እዩ።
ብዘይ መሪሕ ውድብ ሓርነታዊ ቃልሲ ክዕወት ኣይክእልን እዩ።
ብዘይ መሪሕ ውድብ ሓርነታዊ ቃልሲ ክዕወት ኣይክእልን እዩ።

ኣማረ ሞብኣጽየን